ደሞክራሲያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

## ናይ ሓዘን መግለጺ፣



ደሞክራሲያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ሎሚ መዓልቲ 9 ለካቲት 2017 ገዲም ሓርበኛ ተቓላሳይ ስሌማን ኣደም ስሌማን ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ግብጺ ካይሮ ምስውኡ ምስ ሰምዐ መሪር ሓዘን ተሰሚዕዎ።

ስሌማን ኣደም ስሌማን ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪ ዝሓደሮ መጀመርያ ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ /ሓረካ/ ቀጺሉ ካኣ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ መጀመርያ ስሳታት ኣትሒዙ ዝተጋደለ ውፉይ ሓርበኛዊ ተቓላሳይ እዩ ነይሩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ'ቲ ኣብ ውሽጣ ዘጋጠመ ምፍልላይ ስሌማን ኣደም ስሌማን ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣባል ኣማራርሓ ኮይኑ ንነዊሕ ዓመታት ምእንቲ ምርግጋጽ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተቓለሰ ክሳብ ግዜ መስዋእቱ ካኣ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ኮይኑ ሓበኛዊ ቃልሱ ዝቐጸለ ጽኑዕ ተቓላሳይ እዩ ነይሩ። ሰፋሕቲ ግንባራት ኤ.ዲ.ኪ.ን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምስ ተመስረቱ ድማ እዚኦም ደልዲሎም ክቕጽሉ ብዙሕ ካብ ዝጽዕቱ ዝነበሩ ተቓለስቲ ሓደ እዩ ነይሩ።

ገዲም ሓርበኛ ተቓላሳይ ስሌማን ኣደም ስሌማን ይኹን ካለኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ተቓለስትን ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝኸውን ኣንጻር ባዕዳውያንን ዘቤታውያንን ገዛእቲ ስርዓታት ከይተሓለሉ ክሳብ ግዜ መስዋእቶም ዝተቓለሱ ሓርበኛታት ኣብታ ዕትብቶም ዝተቐበረላን ምእንተኣ ዝተጋደሉላን ክብርቲ ሃገሮም ብሰንኪ ጨካን ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ንቡር ሓመድ ኣዳም ክለብሱ ዘይምኽኣሎም ብጣዕሚ ዘሕዝን ተርእዮ እዩ።

ደሞክራሲያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ብመስዋእቲ ገዲም ሓርበኛ ተቓላሳይ ስሌማን ኣደም ስሌማን መሪር ሓዘን እናተሰሞየ ንመላእ ኣባላት ተሓኤን ተቓለስቲ ንደሞራስያዊ ለውጥን መላእ ስድራቤቱን ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

ውድቀት ንጸረ ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውኣትና!

ደሞክራሲያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/፧

09 ለካቲት 2017፧